ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን

جبهة الإنقاذ الوطني الإرترية
مكتب الإعلام والثقافة

ERITREAN NATIONAL SALVATION FRONT
INORMATION & CULTURAL OFFICE
ensf.info@gmail.com

# ዕዉት ስርሒት ኣብ ከባቢ ሩባ ዓንሰባ
# “ሃገርካ ክዝመት ዓይንኻ ነይዕመት” !!

ከም መቐጸልታ ነቲ ምስ ጨቋኒ ስርዓት ህግደፍ እነካይዶ ኩሉ መዳያዊ ግጥምያ፣ ኣብ ውሽጢ ሃገርና ንኽሰላሰል ፍሉይ ኣቓልቦ ኣንቢርናሉን መደባት ሰሪዕናሉን ዝጸንሓና ገድላዊ ስራሓት ፍርያት እናሃበ ይመጽእ ምህላዉ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ውድብ ኣብሪሁ። ድሕሪ’ቲ ኣብ 11/03/2015 ኣብ “ቀሓውታ” ዝተፈጸመ በርቃዊ መጥቃቲ፣ ዝተፈላለየ ስርሒታት ከም ዝተኻየደን፣ ከምኡ’ውን ኣብ ገለ ከተማታት ሃገርና ብፍላይ ድማ ኣብ ኣስመራን፥ ምጽዋዕን ዓሰብን፣ ንህዝብና ንምብርባርን፣ ብስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊኡ ብቐጻሊ ዝፍጸም ዘሎ ዘይተኣደነ ጭቕናን ምብስባስን ንምቅላዕን፣ ኣገዳሲ ጽሑፋት ዘርጊሕና ምንባርና ዝዘክር ኢዩ። ሕጂ’ውን ከም





መቐጸልታ ናይ’ዚ ኩሉ፣ ምዑታት ጀጋኑ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡ ብሰሉስ ዕለት 3 ሚያዝያ 2018 ኣብ “ዘራ” ዝተባህለ ኣብ ከባቢ ሮባ ዓንሰባን ሰሚን “ጣሕራ” ዝርከብ ቦታ ኣድቢዮም ብምጽናሕ፣ ኣብ ልዕሊ ማዕድናት፣ ብፍላይ ድማ ወርቂ፣ ተበጻጽሕ ናይ ጽዕነት መኪና ኣዕኒዮም። ኣብ ልዕሊ ህይወት ኤርትራውያን ዝኾነ ክሳራ ንከየጋጥም፣ መራሕ መኪናን ኣብታ መኪና ተጻዒኖም ዝነበሩ ተሓጋጋዚ መራሕ መኪናን ከምኡ’ውን ክልተ ኣባላት ሰራዊትን ካብ መኪና ኣውሪዶም ብረቶም መንዚዖም ነታ ካብ’ቲ ቦታ ኣርሒቖም ከም ዝኸዱ ብምግባር እታ ንብረት ጽዒና ዝነበረት መኪና ከም ትዓኑ ገበርዋ። ምዑታት ኣባላት ግሃድኤ ዕማሞም ብጽፈት ብምፍጻም ብዘይ ዝኾነ ጉድኣት ናብ ቦቶኦም ብሰላም ከም ዝተመለሱ ቤት ጽሕፈት ውሽጣዊ ጉዳያት ግሃድኤ ኣረጋጊጹ። እዚ ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ምስ ተሰምዐ፣ ኣብ’ቲ ከባቢ ዝነበሩ ሓላፍቲ ሰራዊት ናብ’ቲ ቦታ ብምኻድ መርመራ ከካይዱ ከም ዝጀመሩ እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ብተወሳኺ ሓቢሩ። ኣብታ ዝዓነወት መኪና ተጻዒኖም ዝነበሩን ሰባት’ው ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰደ መርመራ ከም ዝተኻየደሎም ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣፍሊጡ።

ቀንዲ ዕላማ ናይ ስርሒት “ዘራ” ባህርያዊ ትሕዝቶ ሃገር፣ ብፍላይ ድማ ወርቅን ካልእ ክቡር ማዕድናትን ብስሱዓት መራሕቲ ህ.ግ.ደ.ፍ. ምስ ገለ ናይ ወጻኢ ኩባንያታት ኮይኖም ንዘካይድዎ ዘለዉ ዘመተ ንምምካን ዝሓለነ ኢዩ።

ግ.ሃ.ድ.ኤ. ኣብ'ዚ ከረጋግጾ ዝደሊ፡ ግጥምያና ምስ ጨቛኒ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ውሽጢ ሃገር ክኸውን ኣለዎ ዝብል መደብ ካብ ነዊሕ ግዜ ተተሓሒዝዎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሕጂ እቲ ቅድመ ተዳላይነታት ብመጠኑ ተማሊኡ ስለ ዘሎ፡ ከምዚ ዓይነት ስርሒታት ክንቅጽሎ ምዃንና ንኩሉ ደላይ ፍትሒ ህዝብና ከነብስር ንፈቱ። እንካይዶ




ስርሒታት ኣብ ልዕሊ ሰለማዊ ህዝብናን ንብረቱን ዝኾነ ሓደጋ ንኸየስዕብ፡ ብጥንቃቑን ብዝተጸንዐ ኣገባብን ከነካይዶ ምዃና ንኩሉ ከነተኣማምን ንደሊ። ብተወሳኺ፡ እቲ ዝዓበየ ክፋል ሰራዊት ኤርትራ ግዳይ ገባቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ. ምዃኑ ስለ እንኣምን፡ መጥቃዕትና ናብኡ ዘቕነዐ'ውን ኣይኮነን። እንተኾነ ግን ኣብ ጎድኒ'ቲ ጨቛኒ ስርዓት ኮይኑ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝኾነ ዓይነት ግፍዒ ንዝፍጽም ባእታ ግን፣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ካብ'ቲ ስርዓት ክላቐቕ ኣትሪርና ነጠንቕቕ። ኣይፋለይን ንዝብል ግን ኣብ እንካይዶ ስርሒታት ንኸጋጥሞ ዝኽእል ሃሰያታት ሓላፍነቱ ባዕሉ ከም ዝሰከም ብቕሉዕ ክንሕብር ንፈቱ። ከምኡ'ውን ሃብቲ ሃገርን ኩሉ ቁጠባዊ ትሕዝቶ ህዝብናን ክምዝምዙን ክዘምቱን ንዝርከቡ፡ ብዘሎና ዓቕሚን ብምትሕብባር ምስ ህዝብናን ንጹሃት ሃገራውያን ዝኾኑ ኣባላት ሰራዊት ኤርትራን መደባቶም ንምፍሻል ክንቃለስ ኢና።

ኣባላት ሰራዊትን ኣብ ዝተፈላለየ ትካላት ናይ'ቲ ስርዓት ዝዋፈሩ ዘለዉ ስራሕተኛታትን ኣብ ጎድኒ ውጹዕ ህዝቦም ተሰሊፎም ሃገርን ህዝብን ንምድሓን ክቃለሱ እዋኑ ከም ዝኣኸለ ክነዘኻኽር ንፈቱ።

ቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን
ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
12 ሚያዝያ 2018